# ምስ ሞያን ትምህርትን ዝተተሓሓዘ ምኽሪ ከምኡ ውን ገንዘባዊ ሓገዝ ኣብ እዋን ትምህርቲ

ትሪግሄትስፎንደን (TSL)፡ ናይ መጽኢ ዕድላትኩም ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ከምዝሕይል ንምግባር ይሕግዘኩም። ምስ ሞያን ትምህርትን ዝተተሓሓዘ ምኽሪ ምሃብ ከምኡ ውን ትምህርቲ ምምሃር ምስእትጅምሩ ዝወሃበኩም ገንዘባዊ ሓገዝ፡ ኣካል ናይቲ በቲ ትካል ዝግብረልኩም ሓገዝ እዩ።

ነዚ ሓገዝ`ዚ ተጠቂምካ ኣብቲ ሎሚ እትነጥፈሉ ሞያ ዘለካ ፍልጠት ከምዝዓሙቑ ወይ ከምዝሰፍሕ ክትገብር ትኽእል። ካብዚ ወጻኢ ውን ካልእ ሓድሽ ሞያ ክትቅይር ትኽእል። ከምዚ ምስእትገብር ከኣ፡ ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሰሓቢ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ምውድዳር ዓቕምኻ ውን ከምዝሕይል ትገብር።

እዚ ሓገዝ ብነጻ ዝወሃብ ሓገዝ ኮይኑ፡ ኣካል ናይቲ ኣብ ቦታ-ስራሕካ ዘገልግል ሓባራዊ-ውዕል (kollektivavtal) ውን እዩ።

## እቲ መስርሕ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፡

1. **ምምልካት**
   ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ከምኡ ውን ተኻፋሊ ንኽትከውን ንምምልካት ናብ መርበብ-ሓበሬታ TSL.se ምኻድ የድልየካ።
2. **መወከሲ ሓበሬታ**
   ድሕሪ ምምልካትካ፡ ኣብ ሓደ ምኽሪ መሰረት ዝገበረ ቀዳማይ ርክብ ክትመጽእ ንዕድመካ። ኣብዚ ርክብ ከኣ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኩነታትካን ዕድላትካን ንዘራረብ።
3. **ምኽሪ**
   ኣድላዪ ኮይኑ ምስዝስመዓካ፡ ዕሙቑ ዝበለ ኣገልግሎት ምኽሪ ሞያን ትምህርትን ንምርካብ ተወሳኺ ቆጸራታት ክንሕዘልካ ንኽእል ኢና።
4. **ንሓጺር ወይ'ሲ ንነዊሕ ግዜ ዝኸይድ ትምህርቲ**
   - ኣብ ሓደ ትሕቲ ሓሙሽተ መዓልታት ዝወስድ ትምህርቲ ክትሳተፍ ምሳትደሊ፡ ትሪግሄትስፎንደን (TSL) ገንዘባዊ ሓገዝ ክልግሰልካ ይኽእል እዩ። ገንዘብ ክወሃበካ ምስ እንውስን ከኣ፡ ነቲ ትምህርቲ ድሕሪ ምጥንቓቕካ ኣብ ዘላ ወርሒ`ዩ እቲ ገንዘብ ዝኽፈለካ።
   - እቲ ክትመሃሮ ዝወሰንካ ትምህርቲ ልዕሊ 5 መዓልታት ዝወስድ ምስዝኸውን ካብ በዓል-መዚ ትምህርታዊ ድጋፍ (CSN) ሓገዝ ዳግመ-ምትኽኻል (omställningsstudiestöd) ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። ኣብ ልዕሊ`ዚ ካብ ትሪግሄትስፎንደን (TSL) እትረኽቦ ተወሳኺ ገንዘባዊ ድጋፍ ውን ኣሎ። ናብ በዓል-መዚ ትምህርታዊ ድጋፍ (CSN) ከተመልክት እንከለኻ፡ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። ድጋፍ ክወሃበካ ምስዝውሰን፡ ትምህርቲ ክትጅምር እንከለኻ እቲ ሓገዝ ክኽፈለካ ይጅምር።

## ንሞያን ትምህርትን ዝምልከት ኣገልግሎት ምኽሪ ንምርካብ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኩነት

- ኣብ ሓንቲ ሓባራዊ-ውዕል ዘለዋ፡ ኣካል ኮንፌደረሽን ዋኒናት ሽወደን ከምኡ ውን ኮንፌደረሽን ማሕበራት ሞያተኛታት ሽወደን እትውቲ ዝኾነት ትካል ተቖጺርካ እትሰርሕ ክትከውን ኣለካ።
- ኣብ ዝሓለፉ 24 ኣዋርሕ፡ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ዝሰራሕካ ክትከውን ኣለካ።
- ብዕድመ ትሕቲ 65 ዓመት ክትከውን ኣለካ።

## ገንዘባዊ ሓገዝ ንምርካብ ክማላእ ዘለዎ መሰረታዊ ቅጥዒታት፡

- ኣብ ዝሓለፉ 24 ኣዋርሕ፡ እንተወሓደ 12 ኣዋርሕ ዝሰራሕካ ክትከውን ኣለካ።
- ኣብ ዝሓለፉ 14 ዓመታት እንተወሓደ፡ ን 8 ዓመታት ዝሰራሕካ ክትከውን ኣለካ።
- ካብ 27 ክሳብ 62 ዓመት ኣብ ዘሎ ክሊ-ዕድመ እትርከብ ክትከውን ኣለካ።

ብዜካ`ዚ፡ ካልእ ክማላእ ዘለዎ ቅድመ-ኩነት ውን ዘሎ ኮይኑ፡ ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ምሳና ምስተራኸብኩም ክንሕብረኩም ኢና። እቲ ክትመሃሩ እንከለኹም ዝወሃኩም ገንዘባዊ ሓገዝ፡ 80 ሚእታዊት ናይ ተራ ደሞዝኩም ኣቢሉ ይኸውን። እቲ ዝወሃብ ገንዘባዊ ሓገዝ፡ እንተነውሐ ን 44 ሰምንታት ዝወሃብ ኮይኑ፡ ካብታ ብዕድመ 60 ዝመላእካላ ዓመት ንንየው ግን ን 10

ሳምንታት ጥራይ ይወሃበካ። እዚ ምሉእ ሰዓታት ክትመሃር እንከለኻ ኮይኑ፡ ብኽፊል ክትመሃር እንከለኻ ግን፡ እቲ ሓገዝ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክወሃበካ ይኽእል ማለት እዩ።

## ንተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ውልቃዊ ሓገዝ ንምርካብ

ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ TSL.se ኣለኩም። ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ገጽ ናይቲ መርበብ-ሓበሬታ፡ ቋንቋ ክትቅይር ዘኽእለካ ዝጥወቕ መቆጻጸሪ ኣለካ።

ውልቃዊ ሓገዝ ንምርካብ ተወከሱና

- ብስልኪ ክትረኽቡና ምስእትደልዩ፡ 010-480 91 20
- ብኢመይል ክትውከሱና ምስእትደልዩ፡ info@tsl.se